# *ታዓዊትና ሕድሪ ሰማእታትና ኣተግቢርና*
# *ጸረ ሓድነትና ህግደፍ ምኽኑ ተሳማሚዕና ወጺና*

*ሕድሪ ሰማእታትና ኩቡር እዩ*
*በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*

*ታዓዊትና ሓደ ሱጉምቲ ንቕድሚት ከድና*
*ካብ ሩሑቕን ቀረባን ተአኻኺብና*
*ናይ ሃገርና ሽግር ክንፈትሖ ተዛቲና*
*ብጉዳይ ሃገርና ኢሂን ሚሂን ተባሂሂልና*

*ኣብ ሞንጎና ዘሎ ፍልሊይ ኣጻቢብና*
*ጸላኢ ትሺዓተ ቢሄራት ህግደፍ እዩ ኢልና*
*ብሓደ ድምጺ ተሳማሚዕና ወጺና*
*አዊያት ስደተኛታት ሰሚዕናዮ ብጽሞና።*

*ህዝቢ ኤረትራ ታሓጎስ ሰሚዕካ ጡዑም ወረ*
*ካብ ሃገራዊ ዋዕላ ህዝባዊ ቃልሲ ከም ዝተጀምረ*
*ህዝቢ ምስ ኤረትራዊ ኪዳን ሰለ ዝሰመረ።*

*ሕጂ እዩ ብውሽጥን ብደገን ዘድሊ ጎስጓስ*
*ንጃንዳ ህግደፍ ከየልገስካ የሎን ድቃስ*
*ሓድነትና ሰሚዑ ሎኽመኛ ሰኢኑ ድቃስ*
*ሰኽር ሓዲሩ ከብዱ ክሳብ ዝፋሓስ።*

*ተኻፊልቲ ዋዕላ ኣብ በቦታኹም ንህዝቢ ኣበስሩ*
*ናይ ሓድነትና ጠንቂ ህግደፍ ምኽኑ ንገሩ*
*ተቓወምቲን ህዝብን ብሓደ ድምጺ ዘስመረሉ።*

*ዋዕላ ንለውጢ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት*
*ንሱ እዩ ነሩ ናይ ህዝብና ትምኒት።*
*ብዘይ አፋላላይ ተሳኒና ክንወጽእ ብሰኒት።*

*ካብ ተሳታፊ ዋዕላ ንለውጢ ብስራት ተቐበሉ*
*ተኻፋሊ ሃገራዊ ዋዕላ ብሓደ ድምጺ ዘስመረሉ*
*ዘራጊ ሓድነትና ህግደፍ ምኽኑ ዝተሳማምዕሉ።*

*ብዘይ አፋላላይ ትሸዓተ ቢሄራት ተላዒለን*
*ኣብ ጉዳይ ሃገራዊ ሓድነት ዘቲየን ኩለን*
*ህግደፍ እዩ ጸረ ሓድነትና ኢለን አሚነን።*

*ተዳናጋጺ ህግደፍ ድሕሪ ሕጂ ቦታ ነይብሉ*
*ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ዝጸንሕ እዝጊ ጸሊኡሉ*
*ህዝቢ ቆሪጹ ተላዒሉ ክካላኸል ንመሰሉ።*

*ኣብቲ ዋዕላ ተራጋጊጹ ሃገራዊ ሓድነት*
*ኣብቲ ዋዕላ ተራጋጊጹ ሃገራዊ ስነት*
*ሃገራዊ ዋዕላ ወሲኑ ንስርዓት ህግደፍ ክምክት።*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ*
*ክብርን ሞገስን ንጀጋኑ ሰማእታትና*
*ኤረና ንለብዘበን እንበር ነዓመታስ ሸዊትለምለም*
***ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን***